# ሓዳስ ኤርትራ



መበል 34 ዓመት ቁ.22 | ሓሙስ 26 መስከረም 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
በርሻን ሻው፡ ወናኒት ዘይጽንቀቕ ተስፋ


ገጽ 3
ምቊጽጻር ሕማም ዕቡድ ከልቢ


ገጽ 4
"ጐርዞ ሃንስ መስቀል ርኢኻ ኣይትተሓጸ"


ገጽ 5
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?



ገጽ 7
ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ውድድራት ኣትለቲክስ ኣካይዱ



## ዓዲ-ጓዕዳድ - ፕሮጀክት ማይ ተመረቐ



ስእሊት - ናዝሬት በየነ

ኣብ ዓዲ-ጓዕዳድ - ንኡስ ዞባ ጋሉ ኑፍሒ፡ ልዕሊ 7 ሚልዮን ናቕፋ ወጻኢ ዝተገበረሉ 15 ነቝጣታት መዐደሊ ማይ ዘጠቓልል ፕሮጀክት፡ ብ23 መስከረም ተመረቐ።

እቲ ብምውህሃድ ፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎን ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ዝተሃነጸ ፕሮጀክት፡ ምስ'ቲ ኣቐዲሙ ዝተሃንጸ 3 ዓበይቲ ኢጋንእ ተደሚሩ፡ ነቲ ካብ ቦጣት ተጓላጊሉም በብከቢቢኦም ጸሬቱ ዝተዋሕሰ ማይ ንኽሰትዩ ዘኽእል እዩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጋሉኑፍሒ ኣቶ መሓሪ የውሃንስ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ዓዲ-ጓዕዳድ ካብ'ተን ናይ ማይ ጸገም ዘለወን ዓድታት ምዃና ብምጥቃስ፡ ተዋዲዱ ዘሎ ፕሮጀክት መሰረታዊ ፍታሕ ከምዝምጽእ እምነቱ ገሊጹ።

ኣብ ቀረባ መጻኢ ዝዘዞማ 3 መዐደሊ ነቝጣታት'ውን ከምዝለዋ ብምሕባር ድማ፡ ተገልገልቲ ኣብ ኣጠቃቕማኡን ዕቃበኡን ዕቱብ ክኾኑ ተላቢዩ።

ኣኪያዲ ናይ'ቲ ፕሮጀክት ኣቶ ኣማን ማሕሙድ ብወገኑ፡ ናውቲ ዕድመ ኣገልግሎቱ ንኽናዋሕ፡ ኩሎም ተጠቀምቲ ብውሕልነትን ተገዳስነትን ክሕዝዎ ብምምሕጻን፡ ንኣቦላት ፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኣብ መውዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይሉ፡ ኣብ ምዝዛም ናይ'ቲ ስራሕ ኣበርክቶ ንዘበርኡ ወገናት ብምምስጋን፡ ነቲ ተሰሪሑ ዘሎ ኣብ ምዕቃብ፡ ነብሪ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ሓላፍነት ክስከሙ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ መውዳእታ፡ ኣበርክቶ ንዘበርኡ ኣካላት ናይ ምስጋና ወረቐት ተዓዲሉ።

## ደ/ቀ/ባሕሪ - ምድረበዳነት ንምክልኻል ክስራሕ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ምድረበዳነትን ፍገረ-መሬትን ንምክልኻል ዝሕግዝ መደባት ምግራብን ምዕቃብን ሓመድን ማይን፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ብዝሰፍሐ ክካየድ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ጸዊዑ።

ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ዝ. ጻውዒት'ዚ ዘቕረቡ ብ16ን 17ን መስከረም ኣብ ከተማ ዓሰብ ኣብ ዝተቓንዐ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ንኡሳን ዞባታትን ከባቢታትን ዝተሳተፍዎ ኣኼባ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሓት ብዘወቓዐ ብርቱዕ ዝናብን ብዝተኸስተ ዘይተሓሰበ ውሓይዝን ዝተባሕጎ መሬት ንምፍዋስን ብሓፈሻ፣ ንዓድታት ዘራኽብ ናይ ሓመድ ጽርግያታት ድማ ብፍላይ ንምጽጋን ስሩዕ ህዝባዊ ተሳትፎ ክረጋገጽ ብምዝኽኻር፡ ንኹለን ምምሕዳራት ከባቢ ዝጸሕ ናውቲ ማእቶት ተዓልዩ ከምዝሎ ገሊጹ።

ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ወሲኹ፡ ምምሕያሽ መነባብሮ ህዝቢ ብንቑሕ ተሳትፎ መላእ ሕብረተሰብ ስለዝረጋገጽ፡ ምምዕባልን ምሕያልን ሱቡኣዊ ዓቕሚ ልዑል ኣተኩሮ ክወሃቦ ተላቢዩ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ኣብ ትምህርቲ፡ ቀረብ ኣገልግሎት ጥዕና፡ ሃብቲ ባሕሪ፡ ህንጻዊ ልምዓት፡ ዕቃብ ልምዓት ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን፡ ምሕደራን ኣጠቓቕማን ማይ፡ ከምኡ'ውን ህዝባዊ ምዝገባ ኣብ ትግባረ ዘለወን ናይ መጻእን መደባትን ዝምልከት መብርሂ ቀሪቡ።

ኣቦ-መንበር ባይቶ ዞባ ኣቶ ዓሊኑር ዓሊ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ባይቶ ዘሕልፎም ውሳኔታትን ለበዋታትን ኣብ ምትግባር ንዘርእ ዘሎ ወሁድ ስራሕ ብምምጓስ፡ ብዘለዓለ ክድፋኣሉ ተላቢዩ።

ኣብ መውዳእታ፡ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ፡ ሕዝእቲ ዓዲ ብዓዲ ክሕሉ፣ ኣመሓደርቲ ከባቢ ንመሰርሕ ምጅማር ኣገልግሎት ትምህርቲ ብግቡእ ክከታተሉን ዘሎ ሕጽረታት ኣብ ምፍታሕ ክሰርሑን፣ ከምኡ'ውን ስግረ-ዶባዊ ሕማማት ንምክልኻል ኩሉ ብሓላፍነት ክዓዩን ኣዘኻኺሩ።

## ባጽዕ - ውጽኢት ሃገራዊ መርመራታት ንምምሕያሽ ክስራሕ ተሓቲቱ

ቤት-ጽሕፈት ኣብያተ-ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ብ20 መስከረም ኣብ ዘካየዶ ንጥፈታት ትምህርቲ ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024 ብምግምጋም ኣብ መደባት 2024/2025 ዝዘተየሉ ኣኼባ፡ ውጽኢት ሃገራዊ መርመራታት ክብ ንምባል ብወሃደት ክስራሕ ተሓቲቱ።

ሓላፊ'ቲ ቤት-ጽሕፈት መምህር እስማዒል ሳልሕ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024 ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ካብ ዝተሳተፉ 45 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም ልዕሊ 8 ሽሕ ተመሃሮ፡ ኣብ መባእታ 2.4 ሚእታዊት፡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ድማ 4 ሚእታዊት ብዝተፈላለየ ምኽንያት ከምዘቋረጹ ገሊጹ።

ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ንዝተመዘገበ ውጽኢት ብዝምልከት ድማ፡ ኣብ 8ይ ክፍሊ 68.4 ሚእታዊት፡ ኣብ 12 ክፍሊ ድማ 27.1 ሚእታዊት ምንባሩ ዝገለጸ መምህር እስማዒል፡ ሸለልትነት ተመሃሮ፡ ትሕቲት ምክትታል ወለዲ፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ጸገማት፡ ዘይምቹእ መማሃሪ ክፍልታትን ካልእን ገለ ካብቶም ብደሃይታት ምዃኖም ብምጥቃስ፡ ስሉሳዊ ወሃደት ኣብ ብቕዓት ትምህርቲ ወሳኒ ስለዝኾነ፡ ብዝሓየለ ክሰራሓሉ ኣዘኻኺሩ።



ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ሓላፊ መሰረታዊ ትምህርቲ ኣቶ ዓሊ ኣሕመድ ብወገኑ፡ ብቕዓት ትምህርትን ተሳትፎ ተመሃሮን ኣብ ኩሉ ደረጃታት ዘሎ ዕቤት የርኢ እንተኾነ፡ ኣብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ንምብጻሕ ግን ወሃደት ናይ ኩሎም ኣካላት ብሓፈሻ ናይ መሳርሕቲ ድማ ብፍላይ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ኣብ ወሰን ደረጃታትን ኣብያተ-ትምህርትን ተመዝጊቡ ዘሎ ውጽኢት ንምዕባይ ክስራሕ፣ ስሉሳዊ ዝምድና ተመሃሮ፡ ወለድን መማህራንን ክበርኽ፣ ከምኡ'ውን ብኤርጋንን ባርያዊ ሓደጋን ዝዓነዋ ኣብያተ-ትምህርቲ ቅልጡፍ ጽገና ክግበረለን ዝብል ለበዋታት ኣቕሪቦም።



ኣብ መወዳእታ፡ ውጽኢት ተመሃሮ ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ተገምጊሙ፣ ጠንካራት ትሕቲት ውጽኢት ተለልዮም ንምፍዋሶም ዝተጀመረ መደባት፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ፍሉይ ኣተኩሮ ከምዝወሃቦ ተገሊጹ።

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## በርሻን ሻው፡ ወናኒት ዘይጽንቀቕ ተስፋ

ኣብ ገዛእ ምንባር፡ ሃንደበት ካብ ትጽበትና ወጻኢ ዝኾኑ ኣሰንባዲ ክስተት ኪጋጥመና ይኽእል እዩ። ገለ ካብቲ ኩነት፡ እቲ ኣሉታዊ ጽልዋኡ ምናልባት ንሓጺር እዋን ዝጸንሕ ክኾውን እንከሎ፡ ገለ ድማ ንሓያሎ ዓመታት ወይ'ውን ክሳብ ብህይወት ዘለና በሰላኡ ዘይክሕስስ ይኽእል። እንተኾነ ኑቲ ከቢድ ኩነት ተቐቢልና መፍትሒ ከናዲ ምስ እንፍትን እቲ ዘይንብር ክስተት ናብ ንቡር ክልወጥ ይኽእል እዩ። ብኣንጻርዚ ብዘጋጠመና ጸገም ቀልጢፍና ምስ እንንበርከኽ ከኣ ሳዕቤኑ ካብ ዝኸፈአ ናብ ዝበኣሰ ዝሰጋገር። ስለዚ ንኹሉም ዘጋጥመና ማሰገደላት ንኽንሰግሮም ይኹን ክንስዕሮም፡ ተስፋን ትዕግስትን ተቐዲትና ክንምርሽ ኣሎና። እምበኣርከስ ተስፋ መፍትሒ ኩሉ ሽግራት ስለዝኾኑ ተስፋናን ትጽቢትናን ብኣውራኡ ኣብ ገዛእ-ርእስና ክውከል ይግባእ። እቲ ምንታይ፡ ንጸገምትና ባዕልና ከፋፊኸ እንተ ዘይክኢልና፡ ካልኦት ክፈትሑልና ወይ ኣብ ዝጠን ካልኦት ተወጢሕና ክንሰግሮም ምስ እንሓስብ ወጽኢቱ ምልእኡ ስለዘይህሉ። ኣብ ጸንከር መድረኽ ናይ ህይወትና ደገፍ ቀረብትና ኣገዳሲ እኳ እንተኾኑ ቀንዲ ኣድህቦና ኣብ ገዛእ-ርእስና ክኸውን ይግባእ።

ኣብ እተፈላለየ ኣጋጣሚታት ማእለያ ዘይብሉ ማሰገደላት ሰጊርም፡ ኣብ ርሻን ዓወት ዝደየቡ ሰባት ንዕዙብ ኻኸውን ኢና። ብኣንጻሩ ድማ ካልኦት፡ ምሉእ ውሽጣዊ ብቕዓት እናሃለዎም፡ ፈለማ ብዘኸፈም ስዕረት ቀልጢፎም ኢዶም ክህቡ ዘይረኣዩ ኣይኮኑን። እምበኣርከስ ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ 'ፍኖት'፡ ንሎሚ ብሰላ'ቲ እትውንኖ ዘይጽንቀቕ ተስፋን ትዕግስትን፡ ዝጋጠማ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም ሰጊራ፡ ዘይብዓህ ንዝምሳል ክውንነት ክትብድህ ናይ ዝኸኣለት ኣብነታዊት ጓለንስተይቲ ዛንታ ሒዝናልኩም ቀሪብና ኣሎና - ሰናይ ንባብ።

በርሻን ሻው እያ ትበሃል። ብ1973 ኣብ ከተማ ዋሽንግተን ዲሲ ተወሊዳ። ከም ኩሉ ሰብ ንቡር ህይወታ እናመርሐት እንከላ፡ ኣብ 2007 ኩነታት ጥዕናኣ ንኽትፈልጥ ሓፈሻዊ መርመራ ኣካየደት። ኣብ'ቲ እዋን ጓል 32 ዓመት እያ ነይራ። ውጽኢት ሕክምናዊ መርመራ ኣብ ኢዳ ምስ በጽሐ ከኣ፡ ብሕማም መንሸሮ ከም ዝተጠቕዐት ክትፈልጥ ከኣለት። ንህላወ እቲ ሕማም ዘረጋገጸ ጥራይ ኣብ ጡባ ከም ዘሎ ተሓበራ። በርሻን እቲ ዘሰንበደ ሓቂ ምስ ተነግራ ሽዑ ንሽዑ ክትምበርከኽ ኣይመረጸትን። ኣብቲ ፈታኒ ኩነት፡ ካብ'ቲ ሕማም ምሉእ ብምሉእ ሓውያ፡ ንቡር ህይወታ ብሰላምን ጥዕናን ክትመርሕ እንተኾይና፡ ዝጋጠማ ጸገም ኢዳ ከይሃበት ክትቃለስ ከም ዘለዋ ንዝኾኑ ኑቡሳ ኣእመነት። ኑቲ ሕማም እተሰዕረሉ እንኮ ዕጥቂ ድማ፡ ዘይጸፍ ተስፋኣ ክኸውን ከም ዘለዎ ምስ ኑቡሳ ውዕል ኣተወት። ከመይሲ፡ ተስፋ ኣውራ ሰንቂ ህይወት ምኳኑ ኣንፃዕፂዓ ትፈልጥ ስለዝነበረት። ኣብቲ ፈለማ ብጨረርታ (radiation) ዝተሰነየ ማስርሕ ፍወሳ ትከታተል ነይራ። የግዳስ ሸግር ከም ጽላሎት ደድሕራኣ ዝኽተላ ዘሎ እንክመስል፡ ሽዑ'ውን ሓደሽ ክስተት ስለዘጋጠማ ኑቲ ኣገባብ ፍወሳ ንሓጺር እዋን ድሕሪ ምክትታል ብኻልእ ኣገባብ ፍወሳ ክትትከእ ተገደደት። ድሕሪ ክልተ ዓመት ከኣ፡ "ሕጂስ ቀሪበየ - ካብዚ ሕማም ምሉእ-ብምሉእ ናጻ ክኸውን'የ" እናበለት እንከላ ኩነታት ናይቲ ዘጥቅዓ ሕማም ናብ ዝበኣሰ ደረጃ ከም ዝተሰጋገረ ተሓበራ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ዕለተ መርዓኣ ክልተ ሰሙን ጥራይ ተሪፍዎ ነይሩ። እቲ ሓደሽ ክስተት ከኣ ሕልማ ዘቐሃመ ክውንነት ነበረ። እቲ ዝከታተላ ዝነበረ ሓኪም፡ "ኩነታት ሕማምኪ ካብቲ ዝጸንሖ ናብ ራብዓይ ደረጃ ደይቡ ኣሎ። እዚ ስለዝኾነ ድማ ብህይወት እትጸንሕሉ እዋን ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ዘይሓልፍ እዩ" ክብል መርደእ ድሕሪ ምንጋሩ፡ "እንተኾነ ኣብ ህይወት 'ተኣምር' ኪጋጥም ከም ዝኽእል ትኣምኒ'ዶ?" ክብል ሓተታ። "ነተን ካብ ልሳን ሓኪመይ ዝወጻ ቃላት ምስ ሰማዕኩ፡ ኣካላተይ ዝለማሰን ዝደንዘዘን ኮይኑ ተሰምዓኒ። ኣብ ውሽጠይ ዝዘበረ ዓና ብርሃን ጸልግልግ ክብል፡ ኣብቲ ሓጺር ህሞት ከኣ ክሓርቕ ከኾህይን ተሰፋ ክቑርጽን ተፈለጠኒ። ብሰንኪ'ዚ ሕማም'ዚ ቅድሚ 12 ዓመታት ወላዲተይ ብሞት ተፈልያትኒ እያ። ሕጂ ድማ እዚ ሕማም ካብ ሕልመይን ድሌታተይን ከይዕንቅፈኒ ምሒር ፈራሕኩ" ብምባል ኑቲ ናይ ሽዑ ከቢድ ህሞት ትገልጾ። እቲ ሓኪም ደጊሙ፡ "ተኣምር ትኣምኒ'ዶ?"




ክብል ተወከሰ። ብዘይወናኣ ቀልጢፋ "እወ" ኢላ መለሰ። ብምሉብ ካብቲ መመርመሪ ክፍሊ ወጸት።



## እቲ ካልእ ሕርያ

ኣብቲ ጸንከር መድረኽ ከይተወላወለት፡ ብህይወት እትቕጽለሉ ሕርያ ኣናደየት። ኑቲ ሕማም ንኽትቃወሞ፡ ምሉእ ትውክልታ ኣብ ፈጣሪኣ ብምግባር፡ ንዓሞግይ ቃልሲ ነፍሳ ድልውቲ ገበረት። ብዙሓት ከም ናይ በርሻን ዕድል ዘጋጠሞም ሰባት፡ ዝተረፎም ዕምሪ ካብ መዓልታት ናብ ሰዓታት እናውረዱ፡ ተስፋ ቀሪጾም ንሞት ብሸቕረራ ክጸበዩዋ ይረኣዩ እዮም። እንተኾኑ እዛ ንብዙሓት ኣብነት ዝኾነት ጓለንስተይቲ፡ ዋላ'ውን ብህይወት እትጸንሓሉ እዋን ካብ ወሰናት ኣዋርሕ ዘይሓልፍ ምኳኑ ይከብሩ፡ ንዘበሩ ክቱር ፍርሒ ብምውጋድ፡ ኑቲ ሕማም ምስዓር እኾ ኣማራጺ ምኳኑ ብምግንዛብ፡ ኩሉ ውሽጣዊ ሓይላ ኣኻኺባ ክትገጥሞ ተበገሰት። ኣብቲ ካልእ እዋን ድማ ሕክምናዊ ክንክን ብቐመማዊ ኣገባብ ፍወሳ ዝተሰነየ ክኸውን መረጸት። "ምስትምሳልን ፍርሕን ናተይ ባህሪ ኣይኮነን። በዚ ሕማም'ዚ ኣይክመውትን እየ። ምኽንያቱ ብዙሕ ዝተርፈኒ ክዓምሞ ዝግበኣኒ ዕዮን ሕልምን ስለዘለኒ። ኣነ ተቓላሲት ናይ'ዚ ሕማም እየ" ብምባል ዘንጸላልዋ ንዘበረ መልኣኩሞት ካብ ኑቡሳ ንኽተርሕቖ ኣንቀደት። በዚ ከኣ ኑቲ ከቢድ ሕክምናዊ ክንክን ተጻዊራ ኑቲ ዝጸበያ ዝነበረ ብሩህ መጻኢ ኣብ ኩርሻ ተስፋ ተወጢሓ ትዕዘዞ ነበረት።

"ትብዓትን ሓይልን ዓጢቐየ ጉዕዞይ ጀሚረየ። ብዝዕባ ህሉው ኩነታት ጥዕናይ እኹል ኣፍልጦ ንኽህልወኒ ድማ ናብ ፍሉይ ብዓል-ሞያ ናይቲ ሕማም ኣምሪሐ። ንሱ ብወገኑ ብዙሕ ተስፋ ኣሰኒቑኒ። ኣብ ከም'ቲ ናተይ ደረጃ ሕማም ዝበጽሑ'ሞ፡ ሳላ ዘይጽንቀቕ ተስፋኦም ን20 ዓመታት ብህይወት ዝጸንሑ ሰባት ከም ዘለዉ ሓቢሩኒ። ብኣንጻሩ፡ ቀልጢፎም ተስፋ ብምቕራጾም፡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ዝሞቱ ከም ዘለዉ'ውን ኣጺሩሊዩ። ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ሕማም መንሽሮን ደረጃታቱን ዝተፈላለየ ስለዝኾኑ፡ ተስፋይ ኣቢርኪ



ክቃለስ ከም ዘለኒ ተማሕጺኑኒ" ብምባል፡ ኑቲ ናይ ሽዑ ከቢድ ህሞት ትዝክር። ኣብቲ ኣገዳሲ ጸንከር ህሞት'ዩ እምበኣር ኣገዳስነት ህይወትን ምንባርን ዝያዳ ንበርሻን ክበርሃላ ዝኸኣለ። መብዛሕትና፡ ኣድላይነት ወይ ኣገዳስነት ናይ ሓደ ነገር ዝያዳ ዝርድኣና፡ ኑቲ ነገር ካብ ትጽበትና ወጻኢ ብዝኾነ መንገዲ ክንከስሮ ወይ ክንስእኖ ምኳንና ምስ እንፈልጥ እዩ። በዚ እምበኣር፡ በርሻን ብህይወት ንኽትቕጽል መታን ኣብ ዕለታዊ መነባብሮኣ ለውጢ ከተተኣታቱ ጀመረት። ፈለማ ምስ'ቲ ሕማም ዝተሓሓዝ ጽሑፋት ከተንብብን ሕልፊ ካልእ እዋን ከኣ ኣብ ፈጣሪ ተወኪላ ብጠዚሒ ክትጸሊ ጀመረት። ኣንቢባ ዝረኸበቶ ሓበሬታታት ድማ ናብ ሓደ መደምደምታ መሪሕዋ። ንሱ ከኣ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ከተዘውትርን ለውጢ ኣብ ስርዓት-ኣመጋግባኣ ክተተኣታቱን ዘመልከት ነበረ።

በርሻን ከይሰልከየት ኩነታት ጥዕናኣ ንምውሓስ ብዙሕ ኣእምሮኣውን ኣካላውን መንፈሳውን ንጥፈታት ኣካየደት። ኣብ ስርዓት-ኣመጋግባኣ ስብሒ ዘለዎ ስጋ፡ ውጽኢት ጸባን ሽኮርን ምምጋብ ጠቕሊላ ገደፈቶ። ማዕረ ማዕሩ፡ ኣብ ሰሙን ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሓሙሽተ ግዜ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ከተዘውትር ጀመረት። ብቓላ፡ "መወዳእታ ዘይብሎም ጸቡቓት ነገራት ናባይ ይመጹኡ ኣለዉ" ዝብሉ ናይ ተስፋ ቃላት ብምስናቕ፡ ንእወታዊ ኣተሓሳስባኣ ክዕብ ኣብሉቶ። ሓደ ሰብ 'መንሽሮ ሓሚምካ' ምስ ዝበሃል፡ ኣብ ኣእምሮኡ ዝመጽኦ - ተስፋ ምቑራጽን ሞትን ጥራይ'ዩ። እንተኾኑ ንዕለተ ሞቱ ዝፈልጣ ሰብ ስለዘየለ፡ እቲ ኣጋጢሙዎ ዘሎ ብደሆ ከም ካልኦት ማሰናኸላት ሓሊፉ ምኳኑ ምእማን'ዩ ኣገዳሲ። ስለዚ፡ እቲ እንኮ ምርጫ፡ ብህይወት ክሳብ ዘለኻ ተስፋ ከይቆረጽካ ምቅላስ'ዩ። በርሻን ድማ ክትሓዊ ምኳና ተስፋ ስለዝሕደረት'ያ ንኹሉ ብደሆታት ሰጊራ፡ ድሕሪ ሽውዓተ ዓመት ምሉእ-ብምሉእ ካብ'ቲ ሕማም ናጻ ክትከውን ዝኸኣለት።

ኣብቲ መሪር እዋን በርሻን ደገፍ ስድራ-ቤታን መሓዙታን ኣይተፈልያን። እቲ ዝልግስላ ዝነበሩ ሓገዝ ከኣ ንኹሉ'ቲ ዝኸለላ ሓጹራት ክትፍንጥስ ሓይሊ ኩይኑዋ'ዩ። በርሻን ትማሊ ተስፋ ስለዘይቁረጸት፡ ሎሚ ንብዙሓት ግዳያት እቲ ሕማም ዝኾኑ ሰባት፡ ኣብርቲያም ንኽቃለሱ ከም ኣተባብዒትን ኣመንጫዊት እወታዊ ኣተሓሳስባን ኩይና ትሰርሕ ኣላ። URAWarrior.com ዝተሰምየ መርበብ ሓበሬታ ብምኽፋት ከኣ ብመንሽሮ ዝተጠቕዑ ሰባት፡ ከይተሓለሉ ኑቲ ጸባሕ ዘሎ ብርሃን ንኽሞግዱዎ ኣብ ምምሃር ትርከብ። ብዘይካ'ዚ ካልእ መርበብ ሓበሬታ ብምኽፋት፡ ሰባት ኣብ ምንቃሕን ምትብባዕን ዒቢ ስራሕ ትፍጽም ኣላ። እዛ ኣብነታዊት ሰብ ብሰንኪ'ቲ ሕማም ብዙሕ ቃንዛ፡ ስቅያትን ነውጽን ከም ዝሓለፈት ፍሉጥ እዩ። ኣብ ገዛእ ምንባር እቲ ዘጋጥመና ጸገም ደፊሉ ደኣ ይኸውን'ምበር፡ ንኹሉ ሰብ ዘጻንፎ እዩ። ስለዚ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ደቒቕ ትሰፋው ምኳን ኣዝዩ ኣገዳሲ ባህታ እዩ ዝፈጥር። ኣብ ርእስ'ዚ ትሰፋው እንተ ኴንካ ንሓዳስ መዓልቲ ብሓድሽ መንፈስ ተቐዲምካ ብናይ ትማሊ ሕማቕ ኣጋጣሚ ኣይትደምደማን ኢኻ። ብዘይካ'ዚ ትሰፋው ምኳን ሓጎስን ሰላምን ዝመልኦ ህይወት ከተስተማቕር'ዩ ዝሕግዘካ። ኣብ ጸንከር እዋን ትሰፋው እንተ ኴንካ ክስዕሮ ዘኽእል ዝኾነ ሓይሊ'ውን የለን። ኣብ ሕሉፍ ዝነበር ሰብ ግን ንድሕሪት ደኣ'ምበር ንቕድሚት ስለዘይጥምት፡ ኩሉ ግዜ ኣብ ሕሉፉ ተሰሚሩ'ዩ ዝተርፍ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጾ. 1284



# ጥዕና

# ምቍጽጻር ሕማም ዕቡድ ከልቢ

ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንማእከላይ ስርዓተ መትንታት/ነርቭ ዘጥቅዕ ቀታልን ተመሓላላፍን ሕማም እዩ። ማእከላይ ስርዓተ መትንታት፡ ብቫይረስ እዚ ሕማም ምስ ተለኽፈ፡ ምልክት ሕማም ኣብ ዘርኣየሉ እዋን ሕማም ዕቡድ ከልቢ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ዘይምሕር ቀታሊ ሕማም እዩ። እዚ ሕማም፡ እቲ እንኮ መከላኸሊኡ ኣኻልብ ተኸታቲልካ ምኽታብ ጥራይ እዩ። ክሳብ 99 ሚእታዊት፡ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ብመንከስቲ ወይ ምፍሕንጣር ከልቢ ዝመሓላለፍ ኰይኑ፡ ኣብ ክሊ ዕድመ ሓሙሽተ ክሳዕ 14 ዝርከቡ ህጻናት ድማ እቶም ቀንዲ ግዳያት ተጠቃዕቲ እዚ ሕማም እዮም። ንሓፈሻዊ ድሕረ ባይታን፡ ክሳዕ ሕጂ ነዚ ሕማም ንምቍጽጻሩ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝተሰርሑ ስርሓትን ዝምልከት፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዳይረክተር ሓለዋ ጥዕና እንስሳን ብቚልን ዶክተር ዮናስ ወልዱ ዝሃበና ሓበሬታ ቀሪቡ ኣሎ።

ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንመጥበወቲ እንስሳ እንተላይ ንኸልቢ፡ ድሙ፡ ጥሪትን እንስሳ ዘገዳምን ይለክፍን ብቐሊሉ ይመሓላለፍን። ሕማም ዕቡድ ከልቢ ብተናኸስትን ፋሕጠርትን እንስሳታት ብምራቐም፡ ብምትንኻፍ ካብ ክፉት ኣካል ዓይኒ፡ ኣፍን ቁስልን ብዝወጽኡ ፈሰስቲ ናብ ሰብን እንስሳን ብቐሊሉ ይመሓላለፍ። ሕክምናዊ ምልክታት እዚ ሕማም ምስ ዝርአ በቲ ሕማም ዝተለኽፈ ብህይወት ናይ ምትራፍ ዕድሉ ባዶ እዩ። ቅልጡፍ ሕክምናዊ ስጉምቲ ድሕሪ መንከስቲ (Post Exposure Prophylaxis/ PEP) እንተዘይተወሲዱ ናይ ምድሓን ተኽእሎ ኣዝዩ ጸቢብ ይኸውን።

### ኣገደስቲ ሓቅታት

ሕማም ዕቡድ ከልቢ ኣብ ልዕሊ 150 ሃገራትን ግዝኣታትን (territory) ብፍላይ ድማ ኣብ ኣፍሪቃን እስያን ዝርአ ኣስካፍን ኣሰጋእን ሕማም እዩ። ዝተጕስየን ብዙሕ ኣድህቦ ዘየተገበረሉን፡ ዓመታዊ ብዓሰርታት ኣሽሓት ዝቐትል ትሮፒካዊ ሕማም (tropical disease) ኰይኑ፡ 40 ሚእታዊት ካብ ግዳያት ህጻናት ትሕቲ 15 ዓመት እዮም። ሕማም ዕቡድ ከልቢ ክትከላኸሎ ዝከኣል ሕማም እዩ። ቅልጡፍ ድሕረ ቃልዕ ስጉምቲ ብምውሳድ፡ ነቲ ቫይረስ ናብ ማእከል ስርዓተ መትንታት ከይበጽሐ ምኹላፍ ይከኣል። ድሕሪ ቃልዕ ንዝተነኽሰ ቁስሊ ብምጽራይ፡ ተኸታታሊ ክታበት/ኢምዮግሎቦሊን ብምውሳድ ምክልኻል ይከኣል።

### ሃገራዊ ጻዕሪ ኣንጻር ሕማም ዕቡድ ከልቢ

ሕማም ዕቡድ ከልቢ ሓደ ካብተን ሸውዓተ ኣሰጋእቲ ሕማማት እንስሳ ተባሂሉ ብሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ስትራተጂ ተታሒዝሉ ክሰርሓሉ ዝጸንሐን ዘሎን ዓቢ መደብ እዩ። ኤርትራ ሃገርና ብዓለምለኻዊ ደረጃ ክሳብ 2030 ዓ.ም ንዝተሓንጸጸ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንምቍጽጻርን ንምጥፋእን ኣብ ሓያል ጻዕርን ቀጻሊ ጉዕዞን ተጸሚዳ ትርከብ። ምስ ኣህጉራውያን ትካላትን ውድባትን ጸምዶ ብምፍጣር ካብዚ ሕማም ነጻ ንምዃን ኩሉ መዳያዊ ጻዕሪ ተካይድ ኣላ። ካብ 2017 ዓ.ም ጀሚሩ ገምጋም ብዝሒ ኣኻልብ ኣብ ግምት ብምእታው ብደረጃ ሃገር፡ መደብ ሃገራዊ ምቍጽጻርን ምጥፋእን ሕማም ዕቡድ ከልቢ ኣበጊሳ ክትሰርሕ ጀሚራ። ከልብን ሰብን ካብዚ ሓደገኛ፡ ቀታልን ጸላውን ሕማም ንምድሓንን ንምክልኻልን ዝተወሰደ ኣዝዩ ኣገዳሲ ስጉምቲ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሸውዓተ ዓመት (2018-2024) ኵሉ መዳያዊ ምንቅስቓስ (comprehensive multi-pronged approach) ብምግባር ስጉምቲ ስለዝተወሰደ ጽቡቕ ገስጋስ ተመዝጊቡ።

### ምንጻፍ ባይታ ስራሕ 2017-2018

ድሉውነት ሚኒስትሪ ሕርሻን ብዓቢኡ ድማ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ምጅማር እዚ መደብ ኣገዳሲ ነይሩ። ነዚ ብድሆ ንምግጣም ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ዝምልከቶም መሻርኽቲ ኣካላት ብሓባር ንምስራሕ ምርድዳእ ተገይሩ። ዓቕሚን ስፍሓትን እዚ መደብ ንምርዳእን ንምዕባይን ብቕዳምነት ብደረጃ ሃገር ዝርከቡ ብዝሒ ኣኻልብ ክድህሰስን ብኣሃዝ ክተሓዝን፡ ተጠቃዕቲ ከባቢታት ናይ ምልላይ መስርሕ ክካየድ፡ ብደረጃ ሃገር መሰረት ሃገራዊ ምጥፋእ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ክሕንጸጽን ውጥን ትግባረ ክዳሎን ተገይሩ። ዕድላትን ብድሆታትን ተለለዩም ቀዳምነት ተሰሪዑ ቅልጡፍን ኣድማዕን ስጉምቲ ክውሰድ ንኡሳን መደባት ስራሕ ተሓንጺጾም።

### እኩብ (ኣልማማ) ወፍሪ ክታበት ኣኻልብ 2018-2024

መደባት ተሓንጺጾም ምስ ተጻፈፉ፡ 70 ሚእታዊት ናይ ዝተመዝገቡ ብዝሒ ኣኻልብ ንምኽታብ ዓመታዊ ዝቐጽል ሰፊሕ ወፈራ ክታበት ተጀሚሩ። ኣገባብ ምኽታብ ብወፈራ ኰይኑ ኣብ ቀዋሚ ስፍራ፡ ኣብ ማእከል ክሊኒክ ሓለዋ ጥዕና እንስሳን ገዛ-ገዛ ብምኻድን ይካየድ። ተመኩሮ ኤርትራ ፍሉይ ዝገብሮ፡ ጓሶት ማዕረ-ማዕረ ምኽታብ ጥሪት ንኣስጋእቲ ሕማማት እንስሳ (ጉልሓይ መሰል ሕማም ጨል-ብጊዕ፡ ፍሮማይ ጨል-ብጊዕን ፍሮማይ ከብትን) ንኣኻልብ'ውን ከም ዝወሃብ ተገይሩ። በዚ ኣገባብ ሰፊሕ ሽፈነ እንተላይ ንርሑቕ ከባቢታት ከይተረፈ ዘኽተተ ዕውት ናይ ክታበት ዘመተ ክካየድ ተኻኢሉ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብገምጋም ክሳዕ 15 ሽሕ ዝበጽሐ መጠን ሽፈነ ክታበት ብልዕሊ ሰለስተ ዕጽፊ ብምውሳኽ ኣብ ምጉዳል ለበዳ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ።

ኮማትን መሻርኽቲ ኣካላትን (stakeholders) ኣብዚ ወፍሪ ዓቢ ኣበርክቶ ክገብሩ እንክለዉ፡ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ (ምምሕዳራት) ኣብ ጉስጓስ ምቍጽጻር ሕማም ዕቡድ ከልቢ ዓቢ ተራ ተጻዊቶም። ብሓፈሻ ኣገዳስነት ምኽታብ ብፍላይ ድማ ንወነንቲ ኣኻልብ ቀጻሊ ጉስጓስ ተኻይዱ ንቕሓት ንምብራኽ ሓያል ዕማም ተሰሪሑ።

### ምሕያል ዓቕሚ ላቦራቶሪ 2022-2023

በብግዚኡ መርመራ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ምክያድ ንዳህሳስን ቍጽጽርን ኣገዳሲ እዩ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ንሃገራዊ ላባራቶሪ ጥዕና እንስሳን ቡቑልን ሕጽረታቱ ፈቲሹ ድልየታቱ ኣላልዩ። በዚ መሰረት፡ ስልጠና ክኢላታት ተወዲቡ፡ ኣገደስቲ መመርመሪ ዳግመ-መናግስቲ (Reagents) ብምቕራብ ዓቕሚ መርመራ ከምዝድልብ ተገይሩ። ኣብ ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ቡቑልን ካብ ዞባታት ዝለኣኽ ቅምሶታት ስጉምቲ ብቕልጡፍ ንምውሳድ ዘኽእል ባይታ'ውን ተፈጢሩ። ኣገዳሲ ሓበሬታ ክእከብ፡ ከመስርሕ፡ ጽፉፍ መምርሒታትን መደባትን ክሕንጸጽን ኣበርክቱኡ ዓዚዙ ይርከብ። ኣገልግሎት ሓለዋ ጥዕና እንስሳ ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ውድብ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ ብምትሕብባር ክልተ ናይ ላብራቶሪ ቴክኒሻናት ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝርከብ ሕርሻዊ ምርምር ኣንደርስተፖርት፡ ኣህጉራዊ መወከሲ ላቦራቶሪ ሕማም ዕቡድ ከልቢ፡ ብምልኣኽ ብዛዕባ መርመራ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ስልጠና ከምዝወስዱ ተገይሩ። በዚ መሰረት ክሳብ ሕጂ ኣብ እዋን ከይተመርመረ ኣብ ላቦራቶሪ ተዓቂቡ ዝጸንሐ ቅምሶ ተመርሚሩ ውጽኢቱ ብግቡእ ከም ዝሰነድ ተገይሩ።



### ምስፍሕፋሕ ቅድመ-ቃልዕ 2021

ኣብ እዋን መርመራ ብሕማም ዕቡድ ከልቢ ክቃልዑ ዝኽእሉ ክኢላታት ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ቡቑልን ናይ ቅድመ-ቃልዕ ክታበት ከምዝወስዱ ተገይሩ። እዚ መደብ፡ ኣብ ዞባታት ኣብ ምኽታብ ኣኻልባት ንዝተዋፈሩ ክኢላታት ሓለዋ ጥዕና እንስሳ ንምኽታብ ምስ ዝምልከቶም መሻርኽቲ ምዝርራብ ክካየደሉ መደብ ተታሒዙ ኣሎ።

### ንቕሓትን ኣስተምህሮን ህዝቢ 2018-2024

ኤርትራ ምጥፋእ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንምዕዋትን ውጥን ዓለምለኻዊ መደብ ምጥፋእ ሕማም ዕቡድ ከልቢ 2030 ኣበርክቶ ንምዕዋዝን፡ ተሳታፎን ንቕሓትን ህዝቢ ወሳኒ ከምዝኾነ ትኣምን። ንቕሓት፡ ተሳታፎ ንምርግጋጽን ምዕባይን ኣብ ምክልኻልን ኣፍልጦ ኣልያን ሕማም ዕቡድ ከልቢ ኣብ ምስፍሕፋሕ ዘተኮረ ብመራኸቢታት ብዙሃን ብሰፊሑ ከም ዝቃላሕ ተገይሩ። እዚ ጻዕሪ ወነንቲ ኣኻልብ ኣብ ኣተሓሕዝኦም ሓላፍነታውያን ክኾኑ ሓጊዙ እዩ። ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻልን ግብረመልስን ተርእዮታት ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንኽዓቢ ልዑል ሓገዝ ከም ዝገበረ ይእመን።

### ዓለምለኻዊ ጻዕሪ ኣንጻር ሕማም ዕቡድ ከልቢ

መዓልቲ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ዓመታዊ መስከረም 28 ብዛዕባ'ዚ ሕማም ንቕሓት ንምፍጣርን ንምስፋሕን ትዝከር። እዚ ኣብ 2007 ዝጀመረ መደብ ንዝኽሪ ውሩይ ተመራማሪ ሉዊስ ፓስተር (መሃዚ ክታበት ሬቢስ) ዝዓለመ እዩ። ኣብዚ ዝኽሪ መንግስታት፡ ኣህጉራዊ ውድባት፡ ኮማዊ ናይ ጥዕና ኣካላት፡ ወከልቲ ሃገራውያን ትካላት ምክትታልን ምቍጽጻርን ሕማም ዕቡድ ከልቢ ይሳተፉን ሓበሬታ ይለዋወጡን። ብተወሳኺ ንወፍሪ ክታበት የተባብዑ፣ መግለጺታት፡ ጸብጻባትን ገስጋስን ይዝርዝሩ፡ ከምኡ'ውን ናይ መጻኢ መደባት ይሕንጽጹ። ውድብ ጥዕና ዓለም (WHO)፡ ውድብ ጥዕና እንስሳ (WOAH)፡ ውድብ ሕርሻን መግብን (FAO) ከምኡ'ውን ኪዳን ንምቍጽጻር ሕማም ዕቡድ ከልቢ (GARC)፡ ተሓባቢሮም ብመንከስቲ ከልቢ ናብ ሰብ ዝመሓላለፍ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ክሳዕ 2030 ዓ.ም ንምጥፋእ ስትራተጅያዊ ውጥን (Strategic Plan) ኣብ 2015 ዓ.ም ሓንጺጾም። እዚ ግዜፍ መደብ ብዝተወሃሃደ ተሳትፎ ዝተፈላለዩ ጸላታት፡ ጥንቃቐን ሓላፍነታውን ምኽታብ ሰብን እንስሳን ንምዕዋቱ ጻዕሪ ክካየድ ውጥን ወጺኡ ኣብ ትግባረ ይርከብ። መምርሒ ስትራተጅያዊ ውጥን ምጥፋእ ሰብኣዊ ሕማም ዕቡድ ከልቢ 2030 ዓ.ም ከም ዝሕብሮ ንምኽተ ምስፍሕፋሕ ሕማም ዕቡድ ከልቢ እተን ወሰንተን ቀልጢፋተን ኣገባብ፡ ወፍሪ ብእኩብን ቀጻልን ዝኾነ ክታበት ኣብ ምንጪ። እዚ ሕማም ዝኾኑ ኣኻልብ ምክያድ፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብን ኣብ ምክልኻል ሕማም ዕቡድ ከልቢ ምብራኽ፡ ኣብ እዋን መንከስቲ ድሕሪ-ቃልዕ ክታበት (PEP) ምኽያድን እየን።



ዶክተር ዮናስ ወልዱ

### ምምሕያሽ ሓለዋን ምክትታል ጽፉፍ ጸብጻብን

ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንምጥፋእን ወጽኢታዊ ቍጽጽር ንምክያድን፡ እዋናውን ቅኑዕን ሓበሬታ ኣገዳሲ እዩ። ዝኾነ ፍጻሜ ብቕልጡፍ ኣብ እዋኑ ክሕበር እንክሎ ኣገዳስን ቅልጡፍን ስጉምቲ ንምውሳድ ይሕግዝ። ኣህጉራውያንን ሃገራውያንን መሻርኽቲ ኣካላት ኣብ ምምዕባል ስርዓት ሓበሬታን ምክትታልን ምቍጽጻር፡ ኣቀራርባ ጸብጻብን ምልውዋጥ ሓበሬታን ኣብ ሃገራት ብሰፊሑ ክትኣታቶ ክምዕብልን ኣገዳሲ ይኸውን።

### ምትሕብባር ሽርክነትን

ምጥፋእ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ሓያል ዝተወደበ ምትሕብባርን ተሳትፎን ናይ ዝተፈላለዩ መሻርኽትን ዘድልዮ ዕማም እዩ። ዓለምለኻዊ ዕላማ ምጥፋእ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ክሳዕ 2030 ዓ.ም ክዕወት ግዜፍ ጸጋታት ዝሓተት ብምዃኑ ናይ ኩሎም መንግስታውያን ዘይመንግስታውያን ከምኡ'ውን ዓለማዊ ውድባት ጻዕሪ ይሓትት። ብሓፈሻ እዚ ዓለምለኻዊ ጻዕሪ ኣብ ሓጺር ዓመታት ዘይነፃቕ ገስጋስ ኣርእዩ እዩ። እንተኾነ ብኽልቢ ንዝመሓላለፍ ቀታሊ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንምጥፋእን ሞት ሰብ ንምክልኻል፡ ኣብ 2030 ዓ.ም ንምዕዋቱ ግዜፍ ዕማም ተሪፉ ኣሎ። ኣብ ቀጻሊ ብጽንዓትን ብሓድነትን ኣድማዒ ወፍሪ ክታበት ብምክያድ ብዝለዓለ መልክዑ ክቕጽል ይግባእ።

ፊልሞን መዓሾ

# ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

## “ጐርዞ ሃንሰ መስቀለ ርኢኻ ኣይትተሓጸ”

ሚርያም ዮሴፍ





ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት፡ ናብ ኤርትራ ብምኽንያት ስራሕ ዝመጽኡ፡ ወጻእተኛታት ኣብ ሓደ ቤት መግቢ ኮፍ ኢሎም ጉጅም ኣብ ዝብልሉ ዝነበሩ ኣጋጣሚ እዩ። ቅንያት ቅዱስ የውሃንስ ስለዝነበረ፡ ኣብቲ ቤት መግቢ ዝሰርሓ ኣሳሰይቲ ብምዕሩግ ባህላዊ ቍኖን ኣልባሳትን ተሰንየን ኣገልግሎት ክህባ ድማ ተዓዘባ። ኣብ ኤርትራ ካብ ዝመጽኡ ብዙሕ ዘይረኣይዎ፡ ዝተፈልየ ኣልባሳትን ብብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ድማ ዝተወድየን ምኻኑ ድሕሪ ምስትብሃል፡ ኣብ ነንሕድሕዶም ሕቶታት ኣልዓሉ። ንሕና ኸኣ ኣዒንቶም ናብተን ኣሳሰይቲ ተኺሎም ከዕልሉ ብርሑቕ ንዕዘቦም ነበርና። ኣብ ጎኖም ዝነበረ ጣውላ ስለዝነበርና፡ ናባና ቀርብ ኢሎም ነቲ ቍኖን ባህላዊ ልብስን ዝምልከት ሕቶታት ሓተቱና።

እዚ ቅንያት፡ ኣብ ባህሊ ሕብረተሰብና ብሃንሰ መስቀለ ዝፍለጥ ቅንያት እዩ። ዕለት ሓደ መስከረም፡ ብኣቋጻጽራ ግእዝ፡ ከም ሓድሽ ዓመት ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ሃገርና ይኽበር። ወርሒ መስከረም ሓንቲ ካብተን ኣዝየን ተፈተውቲ ኣዋርሕ እያ። ዝበዝሐ ክፋል ሃገርና፡ ብዕንባባታት ገልገለ መስቀለ ተሸፊኑ፡ ኣእካል ሸዊቱ፡ ኩሉ ሓረስታይ ድማ ነቲ መላእ ክራማት ዝጸዓረሉ ግራውቲ ፍረ ክህብ ሃረር ኢሉ ዝጽበየሉ ወርሓት እዩ።

ኣብዚ ወርሒ እዚ ደቂኣንስትዮ ዝተፈላለየ ዕንባባታት ኣብ ግንባረን ተሰሊመን፡ ምዕሩግ ኣልባሳት ኣውድኣመት ተኸዲነን፡ ዘለወን ተወሳኺ ስልማት ወድየን፡ ቁማል ዘጽድፍ ቍናኖ ተቘኒነን ኣብ ማእከል ዓደን ክጻወታን ክዘላን ዘሕልፍኦ ፍሉይን ተዘካርን ወቕቲ እዩ። እዚ ንነዊሕ ዝኸደ ባህሊ፡ ሎሚ ብዝተፈላለየ ዘመናዊ ልብስን ስልማትን ተሰንዩ፡ ብብዙሓት ደቂኣንስትዮ መንእሰያት ኣብ ቅነ ኣውድኣመት ዝዝውተር ባህሊ ምኻኑ፡ ነቶም ወጻእተኛታት ይርድኦም እዩ ብዝበልናዮ ኣገባብ፡ ሃዋህው ናይዚ ቅንያት ገለጽናሎም። በዚ ባህሊ ኣዝዮም ከም ዝተደነቑን ኣብ ኤርትራ ካብ ዝመጽኡ ድማ ዝተፈለየን ዝማዕረገን ባህላዊ ትርኢት ደቂኣንስትዮ ከም ዝረኣዩ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኩለን ኣብዚ ሰሙን ዝረኣይወን ደቂኣንስትዮ ብዝውንኦ ቁንጅና፡ ሓንቲ ካብታ ሓንቲ ዘይበላለጻን ሓደ ከም ዝመስላን ወሰኹ።

ናይ ቀደም ወለድና'ውን ነዚ ንምግላጽ ከይኮነ ኣይተረፍን፡ “ቈልዓ ሃንሰ መስቀለ ርኢኻ ኣይትተሓጸ” ብምባል ዝመሰሉ። እዚ ምስላ ‘ኣብ ቅንያት ሃንሰ መስቀለ ጓል ኣይትምረጽ’ ንምባል ዝተባህለ ብሂል ኣይኮነን። ኣብዚ ወርሒ'ዚ ጉራዙ ዓዲ፡ ብዘተፈላለየ ባህላዊ መመላኽዒ ካብ ቅድሚኡ ዝነበረ ኣዋርሕ ብዝተፈለየ ኣገባብ ማዕሪገን ስለዝረኣያ፡ ‘ኣዋልድ እዚ ወርሒ ኣዝየን ምልኩዓት እየን፡’ ንምባል ዝተባህለ ምስላ እዩ። ማዕረ ማዕረ እቲ ልሙዕ ቀጠልያ ሕብሪ ዘውንን መልክዕ መሬት፡ ብዝተፈላለየ ዕንባባታት ዘጌጸ ጎቦታትን ጐላጉልን ተወሲኽዎ፡ ዝፍጥሮ ፍሉይ ባህታ ኣሎ። ምስዚ ኹሉ ጽባቐ ሰበን ተፈጥሮን ተወሃሂዱ፡ ጉራዙ ዝጻወትኦ ብ‘ዕንብብ’ (ኣብ ገለ ድማ ብ‘ኣሸንዳ’) ዝፍለጥ ፍቱው ጸወታታት ኣሎ። ብፍሉይ ንጽባቐ ደቂኣንስትዮ ዘንጸባርቕ ዜማታት'ውን ይርከቦ።

*ኣውላድ መጻ በላ መጻ በላየ*
*ዕምበበይ ይመስላ ናይ መስቀለይ*

*ኣዋልድ መዓረይ ሰንኽን ጻባ እየ*
*ቀነኽን ዶ ቀነ ዕንበባየ*
*ኣበባ'የ ኮይና ዕንበባ*

*ዕንበባ እየን ዕንበባ እየን*
*ኣውላደየ ዕንበባ እየን*

*ዕንቁ ኣገንበረየ*
*ዲኖ ኣማእገረየ*
*ኣውላድ ዕንባባየ*

እዝን ካልእ ብርክት ዝበለ ኣደናቒ ግጥምታት ዘለዎ ዜማታት ድማ ይጽወት። ቈልዓ ሃንሰ መስቀለ ርኢኻ ኣይትተሓጸ ዝብል ምሳላ እምበኣር ነዚ ዓይኒ ዝመልእ ግርማ ደቂኣንስትዮ ንምንጽብራቕ ዝተባህለ ምስላ እዩ።

ነዞም ኣብ ላዕሊ መበገሲ ጽሑፍና ዝኾኑ ወጻእተኛታት ኣውጊዕና ምስ ወዳእና፡ ምስ ብጾተይ እዛ ምስላ ዘበገሰቶ ሓደ ኣዛናዩ ዕላል ሕልፍ ኢልናዮ ኔርና። ቀደም እዋን ኣሕዋትናን ኣዴታትናን ገሪመን ክረኣያ ዝገብርኦ መመላኽዒ፡ ካብቲ ኣብ ከባቢአን ዝረኽብኦ ባህርያዊ ጥረ ነገራት ማለት ካብ ዕንበባን ኣቝጽልትን ዝሰራሕ ሽቶ (ጨና)፡ ኩሕሊ፡ ንጹህ ኣልባሳትን ስልማትን እዩ። ክንዲ ዝበዝሐ በዚሑ ድማ ነቲ ቀንዲ ፍረ ገጸን ዝቕይር ኣይነበረን። ንዓይኒ ዝመልእ ግርማ ድማ ይውንና። ኣብዚ ግዜ'ዚ 'መልክዕ' ኣብ ዕዳጋ ክሸየጥ ካብ ዝጅምር ውሑድ ኣይገበረን። ሓደ ሓደ ግዜ ከደራይ ወይ'ውን ጽልም ዝበለ ሕብሪ ገጽ ዘውንና ደቂኣንስትዮ ዘውሕዳ ዘለዋ ኮይኑ ይስምዓኒ እዩ። ኣብ ገለ ውራያት'ውን ኩልና ደቂኣንስትዮ ደቂ ሓንቲ ማህጸን ንመስለሉ እዋናት ኣሎ። ብሰንኪ እዚ ግዜ ዘምጽኦ ተዓዳጊ መልክዕ፡ ሎሚ ግቡእ መግለጺ ጽባቐ ክትህብ ኣጸጋሚ እዩ። ኣብዚ እዋን ኣብ ፍሉይ ኣጋጣሚታት ኣብ ገጽና እንልከዮ ክሬማት ክሳብ ክንደይ ምኻኑ ንእግረ-መንገድና ክንቁጽር ኣብ ዝፈተንናሉ፡ ግደ ሓቂ ከቢድ ሻቕሎት እዩ ፈጢሩልና። ምኽንያቱ፡ ካብ 12 ክሳብ 20 ዝተፈላለየ ጥረ ነገራት ተለጢፍና፡ ካብ ቀርበትና ዝረጉድ ተደራቢ ቀጸላ ወሲኽና ንኸይድ ደቂኣንስትዮ ውሑዳት ኣይኮናን። ዝልቀብ ቅርኒብ ዓይኒ፡ ዝሰኣል ሽፋሽፍቲ ዓይኒ፡ ሕብሪ ገጽ ዘብርህ 2- 4 ደረጃታት ዘለዎ ክሬማት፡ ኣብ ከንፈር ዝልከ ሕብርታት፡ ኣብ ዓይኒ ዝልከ ኩሕልታት ቀጺሉ'ውን ነዞም ኩሎም ባእታታት ዘድምቕ፡ ዘህሰስ፡ ዝድምስስ፡ ዘለስልስ፡ ዘድርቕ፡ ቅርጺ ዘትሕዝ፡ ወዘተ እናተባህሉ በበይኑ ዕማም ዘለዎም ማእለያ ዘይብሎም ቀመማት ኣብ ገጽና ይልጠፉ። ከቢድ ጻዕርን ግዜን ዝወስድ ሓያል ናይ ቅብኣ ስራሕ እዩ። ዝልቀብ ጽፍሪ፡ ዝልቀብ ጸጕሪ ርእስን ካልእን ኣብ ግምት ከይኣተወ ማለት እዩ። ብኸምዚ ምኽንያት'ውን ኣብዚ እዋን ዘለና ደቂኣንስትዮ ሓደ እናመሰልና ንኸይድ ኣለና። ቈልዓ ሃንሰ መስቀለ ርኢኻ ኣይትተሓጸ ትብል ምስላ ቀደም፡ ካብ ወርሒ መስከረም ሓሊፉ፡ ብዝተፈልየ መልክዕ ተተርጒማ ናይ ዓመት መመላእታ ምስላ ከይትኸይድ'ውን ቍሩብ ስክፍታ ኣለና። ብዝኾነ፡ እዚ ንእግረ መንገድና እንተሓሰብናሉ ንምባል እምበር ቀንዲ ዛዕባና ኣይኮነን። ኣብ ቀጻሊ'ውን ኣሰፊሕና ንዛተየሉ ንኸውን። ንሕጂ ግን ናብ ጉዳይና ክንምለስ።

ኣብ ዝሓለፈ ሒደት መዓልታት ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ኣብያት ጽሕፈታትን ዝተፈላለየ ቦታታትን ብሓፈሻ፡ ደቂኣንስትዮ በብዓይነቱ ባህላዊ ቍኖ ተቘኒነን፡ ዘመናዊ ባህላዊ ክዳውንቲ ለቢሰን ካብዝን ናብትን ክብላ ምርኣይ ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ ቀንዩ ኣሎ። ካብ ዓመት ናብ ዓመት ድማ ኣብ መንእሰያት ደቂኣንስትዮ ዘውቱር እናኾነ ክመጽእ ምርኣዩ ኣዝዩ ባህ ዘብል ተርእዮ እዩ። ብተወሳኺ፡ መንእሰያት ብሓፈሻ፡ ንዝተፈላለየ ብሄራትና ዘውክል ባህላዊ ልብስታት ለቢሶም ኣብ መርዓታት ኮነ ባህላዊ ጽምብላት ክንጸባርቕዎ ምርኣይ ካልእ ዘሕጉስ ልምዲ እዩ።

ሕብረተሰብ ዝካየደሎም ባህልን ክብርታትን፡ ሓደ ኣካል መግለጺ መንነቱ እዩ። ሎሚ ማሕበረ-ኣቃውማና፡ ምዕባለ ብዝፈጠሮ ጽልዋታት፡ ብዙሕ ካብቲ ጭዋ ዝኾነ ልምዳታትናን ክብርታትናን እናሃሰሰ ክኸይድ ምርኣይ ዘይልሙድ ተርእዮ ኣይኮነን። ስለዚ፡ ዝተፈላለየ ሃብታም ድሕረ-ባይታ ዘለዎም ባህላዊ ውርሻና፡ ዋላ'ኳ ብኽፊል እንተኾነ፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክሰግር ምርኣይ ግን ክምጉስ ዘለዎ ነገር እዩ። ምሉእ ንክኸውን ድማ ማዕረ ማዕረ እቲ ባህሊ ንምንጽብራቕ እንወድዮ ዘመናዊ ባህላዊ ቅድታት፡ ብዝዓሞቐ መዳዩ ብኹለንትናዊ ፍልጠትን ግብራውነትን ምስ ዝሰነ፡ ንመጻኢ ወለዶታት ኣዝዩ ተስፋ ዝህብ ምኾነ።

ልቦና

## ኣነቓቓሒ ዛንታ

### ሕቶ ‘ብቑዕ ምኳን’

ሱራፌል ተ.

ናይ ኮለጅ ናይ ቀዳማይ ዓመት ትምህርቱ ምስ ዛዘመ፡ ንዕረፍቲ ናብ ገዝኡ ክኸይድ ኣይደለየን። ኣብቲ ኮለጅ ድሕሪ መማህርቱ ተረፈ። ኵሎም ነናብ ቤቶም ካብ ዝኸዱ ካልኣይ መዓልቲ ሓለፈ። ናይ ቀዳማይ ዓመት ውጽኢቱ ምስ ተዋህበ፡ ነታ ዓመት ክሰግራ ብምኽኣሉ፡ ኣዕሚቑ ድሕሪ ምስትንፋስ ኣመስገነ። ጸኒሑ ግን ሓደ ነገር ዘከረ። ብምሕላፉ ኣብ ገጹ ዓሲሉ ዝነበረ ብርሃን፡ እናቖሃመ ከደ፣ ተደወነ ኸኣ። ስድራቤቱ፡ ብፍላይ እቲ ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቱ ዛዚሙ፡ ኣብ ስራሕ ዓለም ሰምን ዝናን ዘጥረየ ኣቦኡ፡ እቲ ውጽኢት ምስ ረኣየ እንታይ ከም ዝብሎ ኣብ ዓይነ-ሕልናኡ ቀረጾ።

‘ከመይ ነበረ ትምህርቲ?’

‘ድሓን'ዩ ኣቦ።’

‘ድሓን እንተ ኢልካ ጽቡቕ ኣይነበረን ማለት'ዩ፣ ጂ.ፒ.ኤ. እስከ ኣርእየኒ፡’ ክብሎ ክረኣዮን ትንፋስ ክሓጽሮን ሓደ ይኸውን ነበረ። እዝን ወዲ ኸምዝን እናሓሰበ ብጭንቀት ተበልዐ። እታ ልዕሊ ኣቦ እትቃጻዕን እትከታተልን ኣደኡ ብህይወት ክትህልወሉ ተመነየ፣ ንሳ እንተ ትህሉ፡ ጽቡቕ ውጽኢት ናይ ዘይምምጽኡ ድርኺት ካልእ ትርጉም ኣይምሃለዎን። “ድሕሪኣሲ ዝከታተሎም ስኢኖም ዲኻ ከተብለኒ ደሊኻ፡” ክብል ድምጺ ኣቦኡ እናሻዕ ኣብ ኣእዛኑ የቃልሕ ነበረ። ነታ ዓመት ዘሰግሮ ነጥቢ ኣመዝጊቡ'ዩ፣ ግና ውሑስ ከም ዘይኰነ ጽቡቕ ገይሩ ንዝፈልጥ ወላዲ ከዐሽዎ'ውን ኣይክእልን። ኵሉ ተደማሚሩ ኸኣ ንስድራኡ፡ ኣውራ ኸኣ ንኣደኡ፡ ዝጠለመ፡ ዘሕነኸ፡ ዘንዓቐ ኰይኑ ተሰመዮ። ውሽጡ ተጐድአ። ኣብቲ ናይ ክራማት ዕረፍቲ፡ ከመይ ኢሉ ናብ ገዛኡ ከም ዝኸይድ ጨነቖ።

ዘይተረፈካ ጋሻ ኣጥቢቕካ ሰዓሞ ከም ዝብሃል፡ ጥኒኑ ገዝኡ ክኣቱ፡ ግብረ-መልሲ ኣቦኡ ሰሚዑ ኸኣ ካብ ገዛኡ ክሕክል እናሓሰበ ገዝኡ ኸደ። ከምቲ ዝገመቶ፡ ምስ ኣቦኡ ተራኸበ።

“ከመይ ነይሩ ትምህርቲ?”

“ድሓን'ዩ ኣቦ።”

“ድሓን'ዩ ካብ በልካ ደኣ...፡” ዘረባ ኣንጠልጢሉ ትም በለ ኣቦ። ወዲ ኣብ ብጫፍ መቐመጫኡ ኮፍ ኢሉ ነበረ። “ውጽኢትከ? ክንደይ ኮነልካ ጂ.ፒ.ኤ.?”

“2.24፡” ንሓደኣ ሰንደዋ። ኣቦ ንታሕቲ እናጠመተ ትም በለ። ንሱ ግን ድሮ ርሃጽ ብኽልተ መታልሑ ወረር የብል ነበረ። ድሕሪ ነዊሕ ስቕታ ኣዕሙቑ ኣስተንፈሰ ኣቦ። በለ ድማ፤

“ቀዳማይ ዓመት ካብዚ ዝበልጽ ውጽኢት ክህልወካ ጽቡቕ ነይሩ። ምኽንያቱ፡ ኣብዚ ዝተረፈ ዓመታት እንታይ ይገጥመካ ስለ ዘይትፈልጥ። ጂ.ፒ.ኤ. እንተ ነፋዕካ ብውሑድ ይውስኽ፡ እንተ ሓመቕካ እውን ብእኡ መጠን ይጎድል። እዚ ዝመጽእ ዓመታት ዝያዳ ክብድሃክ ምኻኑ ፍለጥ። ብዓንደ-ርእሱ ግን እቲ ካብዚ እትመሃሮ ነገር፡ ምሕላፍ ወይ ምትራፍ ኣይኰነን። ሕቶ ‘ብቑዕ ምኻን’ እዩ። ህይወትካ በዚ ሕጂ እትመሃሮ ክትነብራ ትኽእል ዘይክትነብራ'ውን ትኽእል፣ ጽባሕ ትሰርሓሉ ዓውደ-ሞያ ካብ ትምህርትኻ ዝተፈልየ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ህይወት ብቕድሚኻ ትቐርበልካ ኣይትፈልጦን ኢኻ። ግን ኵሉ ሳዕ ብቑዕ ንምኻን ትሰርሕን ትጽዕርን ሰብ እንተ ኼንካ ኣብ ዝኣተኻዮ ኣይክትወድቕን ኢኻ። ደጊም ከምቲ ካልኣይ ደረጃ ከለኻ ኣይኮንካን፣ ሎሚ ሰብኣይ ኢኻ። ብቑዕ ሰብኣይ ኴንካ ክትወጽእ ከኣ ናትካ ሓላፍነት እዩ። እቲ ካባይ ትደልዮ ኵሉ ክቐርበልካ እኽእል'የ፣ ብቑዕ ሰብ ክትከውን ግን ናትካ ጻዕርን ትግሃትን'ዩ ዘድልየካ። ኣጆኻ በርትዕ!” ኣብ ዝባኑ ጠብጠብዎ ከደ።

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## ሃገረ ኤርትራ
## ሚኒስትሪ ሕርሻ

**28 መስከረም 2024**
**ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምቍጽጻር ሕማም ዕቡድ ከልቢ**

WORLD RABIES DAY
SEPTEMBER 28

**ደረት ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንምብታኽ ኣኻልብና ነኽትብ!**



## መልእኽቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምኽንያት ዓለማዊ መዓልቲ ሕማም ዕቡድ ከልቢ

- ሕማም ዕቡድ ከልቢ ዝተጕሰየ ትሮፒካዊ ሕማም እዩ። ሕማም ዕቡድ ከልቢ፡ ዋላ'ኳ ቀታሊ እንተኾነ፡ ንኣኻልብ በብእዋኑ ተኸታቲልካ ብምኽታብ፡ ነቲ ሕማም ምሉእ ብምሉእ ምውጋድ ይከኣል እዩ!

- ኣብ ዓመት ብገምጋም ኣስታት 59 ሽሕ ሰባት ብሕማም ዕቡድ ከልቢ ይሞቱ። ኣብ ነፍሰ-ወከፍ ትሽዓተ ደቓይቕ ሓደ ሰብ ይመውት ማለት እዩ። ካብዚ ቑጽሪ፡ እቶም 60 ሚእታዊት ኣብ እስያ፡ 36 ሚእታዊት ድማ ኣብ ኣፍሪቃ ዝነብሩ ሰባት እዮም።

- 99 ሚእታዊት ጠንቂ ሞት ሕማም ዕቡድ ከልቢ፡ ብሰንኪ መንከስቲ ኣኻልብ የጋጥም።

- ስለዚ፡ ዘለዉና ኣኻልብ ብምኽታብ፡ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ምሉእ ብምሉእ ነወግድ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ውድድራት ኣትለቲክስ ሚኒስትሪ ምክልኻል ተኻዪዱ

ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ካብ 23 ክሳብ 25 መስከረም ኣብ ስታድዩም ኣስመራን መጸከር ደንደንን ውድድራት ኣትለቲክስ ኣካይዱ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ዳርባ ዲስኮስ ደቂ ኣንስትዮ ፍናን ጉብረንገስ - ኣቡሓ፡ ሊድያ ሓይለዝጊ - ዒታር፡ ሚላዊት ዓንደማርያም - ዓራግ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ ቴድሮስ ተክኤ - ዓራግ፡ ሳሙኤል ከስተ - ሳብር፡ ተስፉ ኪዳነ - ሂምባል፡፡ ኣብ ዳርባ ዓረር ሓፍን መሳ - ኣቡሓ፡ ሰዚ ጺጋይ - ሳብር፡ ፍናን ጉብረንገስ - ኣቡሓ፡ ቴድሮስ ተክኤ - ዓራግ፡ ሳሙኤል ከስተ - ሳብር፡ ሳሙኤል ፍስሃየ - ሓለቡት ኣኣብ ጸታኦም ተዓዊቶም።

ኣብ ዳርባ ጭማሪ፡ ሓፍን መሳ - ኣቡሓ፡ ሰዚ ጺጋይ - ሳብር፡ ሳምራዊት ዓንደሚካኤል - ሳብር፡ የሃንስ ዑቕባማርያም - ዓራግ፡ ሚሮን ሓለፎም - ኣቡሓ፡ ተስፉ ኪዳነ - ሂምባል ተዓዊቶም። ኣብ መሬት ዝላ ልዋም ሰዩም - ኣቡሓ፡ ሰላም ግደ - ሂmባል፡ ሉሊያ ወልደየሃንስ - ዓራግ ብደቂ ኣንስትዮ፡ ሸደን ሓጎስ - ዒታር፡ ሳልሕ ዑመር - ኣቡሓ፡ ናትናኤል ዑቕባይ - ሳብር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊት ዝላ ሚላት ጥዑምዝጊ ካብ ዒታር፡ ልwaም ሰዩም ካብ ኣቡሓ፡ ልዋም ጸሃየ



ካብ ዒታር፡ የናስ ቢንያም - ዒታር፡ ጺጋይ ዘርኣዝጊ - ኣቡሓ፡ ሄናክ ኣስመላሽ - ዓራግ ተዓዊቶም።

ኣብ ጉያ 100 ሜትሮ ልዋም ሰዩም - ኣቡሓ፡ ሓፍን መሳ - ኣቡሓ፡ ዋርሳይ መልኣከ - ሓለቡት፡ ዑስማን ሱሌማን - ዒታር፡ ናትናኤል መብራህቱ - ዓራግ፡ ሰዋረ ከሮስ - ሳብር፡ ከምኡ'ውን ኣብ 200 ሜትሮ ሉሊያ ወልደየሃንስ - ዓራግ፡ ልዋም ሰዩም - ኣቡሓ፡ ዋርሳይ መልኣከ - ሓለቡት፡ ጴጥሮስ ሰለሞን - ሳብር፡ ናትናኤል መብራህቱ - ዓራግ፡ ዑስማን ሱሌማን - ዒታሮ ተዓዊቶም።

ኣብ 400 ሜትሮ ከኣ ሉሊያ ወልደየሃንስ - ዓራግ፡ ፊልማዊት ኣብርሃም - ዓራግ፡ ዳናይት መሓመድ - ሳብር ብደቂ ኣንስትዮ፡ ኣማኑኤል ጎጆ - ሳብር፡ በረኸት ታመነ - ዓራግ፡ ቤዝሀር ኣማን - ዒታር፡ ከምኡ'ውን ኣብ 800 ሜትሮ ልዋም ጸሃየ - ዒታሮ፡ ፊልማዊት ኣብርሃም - ዓራግ፡ ዳናይት መሓመድ - ሳብር፡ ኣማኑኤል ግርማይ - ኣቡሓ፡ ሓጎን ዘርኣይ - ሳብር፡ በረኸት ታመነ - ዓራግ ሰዒሮም።

ኣብ 1500 ሜትሮ፡ መዘከት ተስፉይ - ሳብር፡ ልዋም ጸሃየ ዒታሮ፡ ኣበበ መሓሪ - ሳብር፡ ኣማኑኤል ግርማይ - ኣቡሓ፡ ኤሽን ኣዘር መሴ - ሂምባል፡ ክፍላይ በረኸት - ዒታር፡ ከምኡ'ውን ኣብ 5000 ሜትሮ መዘከት ተስፉይ - ሳብር፡ ልዋም ጸሃየ - ዒታሮ፡ ሉሊያ ወልደየሃንስ - ዓራግ፡ ኤሽን ኣዘር መሴ - ሂምባል፡ ደኅል ተኽሉ - ዒታር፡ መሓሪ ሰለሞን - ሂምባል ጹበሉል ኢሎም።

ብዘይካ'ዚ፡ ደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ዝተሳተፍዎ ናይ 10 ሽሕ ሜትሮ፡ ደኅል ተኽሉ - ዒታሮ፡ መሓሪ ሰለሞን - ሂምባል፡ ሳምሶን ጉብረመድህን - ሓለቡት ተዓዊቶምለ። ኩሎም ዕውታት ናይ መዳልያን ገንዘብን ሽልማት ተቐቢሎም። እዚ ውድድር ሎሚ ሓሙስ ብኮሶ መርገብ ክልቲኡ ጾታ፡ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ጸወታታት ክቕጸል እዩ።

## ቢንያምን ናትናኤልን . . .

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ኢንተርማርሽ ቢንያም ግርማይ፡ ትማሊ ኣብ በልጅዩም ኣብ ዝተኻየደ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር፡ ካብ ዕውት ግዜ ከይከሰረ መበል 25 ደረጃ ሐዘ።

ዝ 195.2 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ጸወታ፡ ጀርመናዊ ኣባል ጃይኮ ኣልዑል ማክስ ዋልሼይድ ንወዲ ጋንታኡ ዳይላን



ግሮነወገን ረቲዑ ብ4 ሰዓት፡ 21 ደቒቕን 23 ካልኢትን ተዓዊቱለ። እዞም ክልተ ተቐዳደምቲ፡ ብዓይንኻ ምፍላዩ ዘጸግም ፍልልይ ስለዝነበሮም፡ ብሓገዝ ካሜራ(ፎቶ ፊኒሽ) ተረጋጊጹ እዩ ዕውት ተፈልዩ።

ሳልሳይ ፈረንሳዊ ፔረ ባርበር ክኣቱ እንከሎ፡ ሓደ ካብቶም ዝ ውድድር ክዕወቱሉ ትጽቢት ተገይሩሎም ዝነበሩ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ቢንያም ከኣ ምስታ ብሓባር ቅጽበታዊ ውድድር ዝነበረት ቀዳመይቲ ጉጅለ ግዜ ከይከሰረ ኣትዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ተቐዳዳማይ ለድ ትረክ ናትናኤል ተስፋጼን 58 ካልኢት ድሒሩ መበል 58 ደረጃ ሐዘ። እዞም ተቐዳደምቲ፡ ሰንበት ኣብ ናይ ጽርግያ ውድድር ሻምፕዮን ዓለም - ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ክለብሱ እዮም። ጽቡቕ ዕድል!

## ቫራን ጫማኡ ሰቒሉ

ርብል በረኸት

ፈረንሳዊ ወዲ 31 ዓመት ተኸላኻሊ ራፋኤል ቫራን ካብ ኩዕሶ እግሪ ጥሮታ ከምዝወጸ ብወግዒ ሓቢሩ።

ማልያ ማንቸስተር ዩናይትድ ወደዩ ንመውዳእታ ግዜ ኣብ ግንቦት 2023 ኣብ ፍጻመ ጸወታ ኤፍኤ ካፕ ዝተረኣየ ቫራን ኣብ ወርሒ ሓምለ እዛ ዓመት ብናጻ ናብታ ሎሚ ዓመት ካብ ካልኣይ ዲቪዥን ሰሪኣ ናብ ቀዳማይ ድቪዥን ዝደየበት ኢጣልያዊት ክለብ ኮሞ ተጸምቢሩ። ዝሓለፈ ወርሒ ኣንጻር ሳምፕዶርያ ኣብ ብርኩ ብሰንኪ ዘጋጠሞ



ማህረምቲ ግን፡ ካብ ጸወታ ርሒቑ ጸኒሑ። ትማሊ ከኣ ጌና ወዲ 31 ዓመት እንከሎ ጫምኡ ምስቃሉ ኣፍሊጡ።

ቫራን ኣብ ናይ ኢንስታግራም ሕሳቡ ኣብ ዝጸሓፎ ናብ መፋንዊ ቃላት፡ "ኣብቲ ዝለዓለ ደረጃ በጺሐ እየ። ሕጂ ድማ ካብ ኩዕሶ እግሪ ወጺኤ ንብሰይ ክሐይል እደሊ ኣለኹ።" ኢሉ። ንሱ ቀጺሉ "ብዙሕ ግዜ ወዲቐን ተንሲአን እየ። እታ ናይ መወዳእታ ጸዋእ ዘልዓልኩላ ኣብ ሜዳ ዌምብሌይ ተዘኪራት ምሸት ክትከውን እያ። ኣብ ውሳኔይ ጣዕሳ ዝዀል የብለይን ዝቕየር ነገር'ዉን የለን። ልዕሊ እቲ ዝሓለሞ ዝበርኩ ዓወታትን ዋናጩን ዓቲረ እየ። በዚ ድማ ኣዝዩ እዩ ኩርዓት ዝስምዓኒ። ሕጂ ግዜ ዝኣኽለ ይመስለኒ። ተስፉ እጉበር ድማ ብኣይ ኩሪዕኩም ክትነብሩ"" ኢሉ። እዚ ናይ ማእከል ተኸላኻሊ፡ ካብ ምጽዋት ወጺኡ ምስ ክለቡ ክጸንሕ ምኳኑ'ውን ገሊጹ ኣሎ።

ናይ ኩዕሶ እግሪ ዘመኑ ምስ ፈረንሳዊት ክለብ ለንስ ዝፈለመ ቫራን ሓደ ዓመት ምስዛ ክለብ ድሕሪ ምጽዋቱ ኣብ 2011 ምስ ሪያል ማድሪድ ተጸምቢሩ። ኣብዛ ኣብ ርእሲ ከተማ እስጳኛ እትርከብ ክለብ ድማ፡ ን10 ዓመታት ኣብ ዝተጻወተሉ፡ ሰለስተ ግዜ ጸዋእ ላሊጋ፡ ኣርባዕተ ግዜ ጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ዝርከቦም 18 ዋናጩ ኣልዒሉ።

ኣብ 2021 ብ34 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ኣልድትራፎርድ ዝተሰጋገረ እዚ ፈረንሳዊ፡ ብሓፈሻ ምስ ብዙሕ መጉዳእታት ንዛ ክለብ ኣብ 95 ግጥማት ተሰሊፉሉ፡ ዋንጫ ካራባኦ ካፕን ኤፍኤ ካፕን ድማ ከልዑል ክኢሉ። ቫራን ካብ 2013 ጀሚሩ ንሃገሩ ኣብ 93 ጸወታታት ክሰለፈላ እንከሎ፡ ዕውት ዋንጫ ዓለም 2018 ከምኡ'ውን ኔሽንስ ሊግ 2021 ተዓዊቱ እዩ። ኣባል ናይታ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ኣብ ፍጻመ በጺሓ ብኣርጀንቲና ዝተሳዕረት ፈረንሳ ምንባሩ እውን ይዝከር።

## ቸዝኒ፡ ናብ ባርሳ ተጸምቢሩ

ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ ካብ ጁቬንቱስ ጥሮታ ዝወጸ ሓላዊ ልዳት ቸዝኒ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ንቐዳማይ ሓላዊ ልዳታ ብሰንኪ ማህሰይቲ ናብ ዝኸሰረት ባርሴሎና ብናጻ ተጸምቢሩ።

ተር ስተገን ኣብታ ንቪያሪያል ብ5-1 ዝሰዓረላ ጸወታ፡ ኣብ ብርኩ ከቢድ መጉዳእቲ ከምዝበጽሖ ይፍለጥ። ዕውት መብጣሕቲ ከምዝቐየደ ዝገለጸ እዚ ጀርመናዊ ንዛ ዓመት ስፖርት ከይከሰረ ተሰጊኡ ይርከብ። በዚ ከኣ ባርሳ፡ መተካእታኡ ክተናዲ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንፖላንዳዊ ቸዝኒ ካብ ጥሮታ





መሊሳቶ ኣላ። ቸዝኒ ንሓደ ዓመት እዩ ኣብዛ ጋንታ ክጸንሕ።

## ኤርትራ ሎሚ ኣብ ውድድር ሻምፕዮን ዓለም

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ሎሚ ሓሙስ ኣብ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም 2024 ኣብ ናይ ማእከሎት (ጁንየር) ውድድር ብኤፍሬም ዘርኡጋብርን መዋእል ጊላይን ተወኪላ፡ ቀዳመይቲ ጸወታኣ ከተካይድ እያ።

ኣባል ጋንታ ናትና ኤፍሬም ከምኡ'ውን ናይ ወልቂ ተቐዳዳማይ መዋእል፡ ኣብ ናይ ማእከሎት ሻምፕዮን ኤርትራ 2024 ተመራሪሖም ቀዳማይን ካልኣይን ምእታዎም ይዝከር። ዝሓለፈ ወርሒ ኑሓሰ ናይ ዩሲኣይ ናይ ትምህርቲ ዕድል ድሕሪ ምርካቦም ከኣ ናብ ፈረንሳ ብምቕናዕ ክሰልጥኑ ወሪሖም።



መዋእል ኤፍሬም

እዞም ኣብ ንኡስ ዕድመኦም ማልያ ኤርትራ ለቢሶም ኣብ ሻምፕዮን ዓለም ክካየፉ በቒዖም ዘለዉ ተቐዳደምቲ፡ ኣብ ቀዳማይ ሱታፌኦም ኣርእስቲ ክሰርሑ ምስዝኽእሉ ዓቢ ዓወት ኮይኑ፡ ውድድር ወዲኦም ተመክሮ ቀሲሞም እንተወጺኦ'ውን ቀሊል ረብሓ ኣይኮነን - ጌና ዕድመ 20 ዘይኣተዉ ተቐዳደምቲ ብምዃኖም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ዓወት ኣማንን ያፊት መሉጌታን፡ ትማሊ ምስቶም ኣብ ዩሲኣይ ምስኦም ዝሰልጥኑ ዘለዉ ዜጋታት ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ብምዃን ኣብ ሕውስዋስ ረለይ ተወዳዲሮም። እዚ ሰለስተ ደቂ ተባዕትዮ ሰለስተ ደቂ ኣንስትዮ ብምዃን ዝቐደን 53.7 ኪሎሜተር ዝሸፈነን ጸወታ፡ ዓቢ ስም ዝሓለም ደቂ ተባዕትዮ - ጃይ ዋይን ሚካኤል ዋቲውን በን ኦናርን ምስ ሰለስተ ደቂ ኣንስትዮ ኣላፊና ዘአተወት ኣውስትራልያ እያ ብ1 ሰዓት 12 ደቒቕን 52 ካልኢትን ተ ዓ ዊ ታ ት ሉ ። ጀርመን ብሓንቲ ካልኢት፡ ኢጣልያ ድማ ብሸሞንተ ካልኢት ተፈንቲተን ካልኣይን ሳልሳይን ክኣትዋ እንከለዋ፡ ዓወትን ያፊትን ዝነበሩዋ ናይ ዩሲኣይ ጋንታ፡ መበል 13 ወዲኣ። እዞም ተቐዳደምቲ፡ ማልያ ኤርትራ ለቢሶም ኣብ'ቲ ጸባሕ ዝቐደ ናይ ጽርግያ ውድድር ክጽመዱ እዮም - ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት። ጽቡቕ ዕድል ንኹሎም ተቐዳደምትና!

## ምባፐ፡ መጉዳእቲ ኣጋጢሙዎ

ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ኪሊያን ምባፐ፡ ንገለ ሰሙናት ካብ ጸወታ ክርሕቕ እዩ - ብሰንኪ ዘጋጠሞ ናይ ሰለፍ መጉዳእቲ።

ምባፐ፡ ኣብቲ ንደፖርቲቮ ኣላቨስ 3-2 ዝሰዓሩሉ ናይ ሰሉስ ምሸት ጸወታ እዩ መጉዳእቲ ገጢምዎ። ትማሊ ረቡዕ ድሕሪ ዝተገብረሉ መርመራ ከኣ፡ ኣብ ጺጋመይቲ ሰለፉ መጉዳእቲ ከምዝለዎ ተፈሊጡ።

ሰሪዚ ከኣ፡ ዝበን ዝስዕብ ሰለስተ ሰሙናት ካብ ጸወታ ክርሕቕ ይኽእል እዩ። ኣብታ ጸወታ ተቐይሩ ክወጽእ ብምሕታቱ፡ ኣብ መበል 80 ደቒቕ ዝወጸ እዚ ፈረንሳዊ ቅልጡፍ ኣጥቃዓይ፡ እንተውሓደ ጋንታኡ ጸባሕ ሰንበት ምስ ኣትሌቲኮ ማድሪድ፡ ረቡዕ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ምስ ሊል ከምኡ'ውን ዝመጽእ ሰሙን ምስ ቪያሪያል ኣብ እተካይደን ግጥማት ክበኵር ግምት ኣሎ።

ኣብዛ ጸወታ ሓንቲ ሸቶ ዘመዝገበ ምባፐ፡ ናብዛ እስጳኛዊት ክለብ ካብ ዝመጽእ ንደሓር፡ ኣብ ሸውዓተ ግጥማት ሸዱሽተ ሸቶታት ኣመዝጊቡ ኣሎ።

## መደብ ጸወታ

ሎሚ

ኤውሮፓያን ሊግ

ፈነርባች - ዩኒዮን ጊሉዋስ 7:45 ምሸት

ኢያክስ - በሽኪታሽ 10:00 ምሸት

ልዮን - ኦሎምፒያኮስ 10:00 ምሸት

ሮማ - ኣትሌቲኮ በልባኦ 10:00 ምሸት

ቶተንሃም - ካራባግ 10:00 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ሕዝቡላህ፡ ቴል-ኣቪቭ ደብዲቡ



ምንቅስቓስ ሕዝቡላህ፡ ኣብ ከተማ ቴል-ኣቪቭ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ትካል ስለያ እስራኤል (ሞሳድ) ዕላማ ዝገበረ ምንባሩ ዝገለጾ ደብዳብ ባለስቲካዊ ሚሳይል ከምዝተኮሰ ኣፍሊጡ።

ኑቲ ብሕዝቡላህ ዝተወንጨፈ ባለስቲካዊ ሚሳይል ከምዝበርዓኖ ዝሓበረ ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ብወገኑ፡ ካብቲ ኣብ ሰብን ንብረትን ዘወረዶ ዕንወት ከምዘየለ ኣረጋጊጹ።

ሕዝቡላህ፡ እቲ ናይ ሚሳይል መጥቃዕቲ፡ ዝተፈላለዩ ሳዕለምት ወተሃደራውያን ኣዘዝቲ እስራኤል ዕላማ ከምዝገበረ ሓቢሩ። ዝሓለፈ ሰሙን፡ ኣባላቱ ዝጥቀሙለን ኤሌትሮኒካውያን ናውቲ መራኸቢታት ዘቦርዐ ትካል ስለያ እስራኤል ምዃኑ ዝኸሰሰ ሕዝቡላህ፡ ከም ግብረ-መልሲ፡ 'ቃዲር 1' ዝተሰምየ ባለስቲካዊ ሚሳይል ናብ ከተማ ቴል-ኣቪቭ ከምዘወንጨፈ ኣሕሊፉ።

ካብ ሊባኖስ ዝተፈነወ ሚሳይል፡ ንመጀመርያ እዋን ናብ ክሊ ኣየር ከተማ ቴል-ኣቪቭ ከምዝኣተወ ዝሓበረ ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል፡ ተመሳሲ መጥቃዕቲ ንምግታእ ስጉምቲ ከምዝወሰደ ኣገንዚቡ።

እስራኤል ኣብ ደቡባዊ ክፋል ከተማ በይሩት ካብ ዝሓለፈ ሰሉይ ጀሚራ ጽዑቕ ደብዳብ ኣየር ተካይድ ምህላዋ ዝፍለጥ ኮይኑ ዛጊት ህይወት ኣስታት 600 ሰባት ከምዝጠፍአ ሰብ መዚ ሊባኖስ ሓቢሮም።

ሕዝቡላህ ኣቐዲሙ ኣብ ሰሜናዊ እስራኤል ደብዳብ ሮኬታት ብምክያዱ፡ ብዐሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ እስራኤላውያን ግዳይ ምምዛብል ከምዝኾኑ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

እስራኤል ኣብ ልዕሊ'ቲ ብኢራን ከምዝድገፍ ዝነገረሉ ሊባኖሳዊ ዕጡቕ ጉጅለ፡ ናይ ኣጋር መጥቃዕቲ ከይተኸፍት ኣብ ዝስግኣሉ ዘሎ እዋን፡ ሃገራት ምዕራብ ዜጋታተን ብቕልጡፍ ካብ ሊባኖስ ክወጹ ይጽውዓ ምህላወን ይጥቅሱ።

## ቡርኪና-ፋሶ፡ ናብ ብሪክስ ክትኣቱ ትጽዕር



ቡርኪናፋሶ፡ ናብ ቁጠባዊ ውድብ ብሪክስ ክትጽንበር፡ ድሌት ከምዘለዋን ኣባል ናይቲ ውድብ ክትከውን ዘድሊ ጸዕርታት ከምእትገብርን ቀዳማይ ሚኒስተርታ ሃገር ኣፖሊኔር ጆኣቺም ገሊጾ።

ቡርኪናፋሶ፡ ኣባል ቁጠባዊ ውድብ ብሪክስ እንተኾይና፡ ብኣህጉር ደረጃ ዓቢ ንግዳዊ ሽርክነት ክትምስርት ዕድል ከምዝህልዋ እዩ፡ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ምስ ሩሲያዊ ዲፕሎማሲኛ ኣብ ዘካየዶ ዝርርብ ኣሕሊፉ።

ኣብ ሰነ 2023፡ መንግስቲ ቡርኪናፋሶ ምስ ኣባላት ሃገራት ቁጠባዊ ውድብ ብሪክስ፡ ኣብ ቁጠባ፡ ጥዕና፡ ትሕተ-ቅርጺ፡ ጸጥታ፡ ዕደና፡ ስፖርት፡ ባህሊን ንግድን ዘተኮረ ስምምዓት ከምዝኸተመ እየም ጸብጻባት ዝጠቕሱ።

ንብራዚል፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ሩሲያ፡ ህንዲ፡ ቻይናን፡ ሓቚፉ ኣብ 2009 ዝተመስረተ ቁጠባዊ ውድብ ብሪክስ፡ ኣብ ፈለማ 2024 ንኢራን፡ ግብጺ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ኢትዮጵያን ከምዝጸንበረ ዝዘከር እዩ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ቁጠባዊ ውድብ 'ብሪክስ' ብሚእታዊት ንኣስታት 41.13 ሚእታዊት ካብ ብዝሒ ዓለም ዝሓቖፈ ኮይኑ፡ ብቑጽሪ ድማ ንልዕሊ 3.5 ቢልዮን ህዝቢ ዘጠቓለለ እዩ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ መጀመርያ ናይዚ ወርሒ፡ ቱርኪ ናብ ቁጠባዊ ውድብ 'ብሪክስ' ንምጽንባር፡ ወግዓዊ ሕቶ ከምዘቕረበት ዝዝከር እዩ።

ቱርኪ ኣብዚ ውድብ ኣባልነት እንተ ረኺባ እታ ናይ ፈለማ ናብ ቁጠባዊ ውድብ ብሪክስ ኣባልነት ዝተጸንበረት ኣባል ኔቶ ከምእትኸውን ጸብጻባት የመልክቱ።

ብተመሳሳሊ፡ ሚኒስተር ምክልኻል ዘምባበወ ኣፓ ሚቹንጉሬውን፡ ሃገሩ ናብ ብሪክስ ክትጽንበር ድሌት ከምዘለዋ እዩ ዝሓለፈ ወርሒ ሰነ ሓቢሩ።

## 'ኣጠቓቕማ ማሕበራዊ ሚድያ መንእሰያት ኣሰካፊ ኮይኑ' መጽናዕቲ

ከቢድ ጸገም ከኸትል ዝኽእል ኣጠቓቕማ ማሕበራዊ ሚድያ መንእሰያት፡ ብፍላይ ድሕሪ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ብሓያሎ ሚእታዊት ከምዝወሰኸ፡ ብደረጃ ኣህጉር ዝተኻየደ ሓዲሽ መጽናዕቲ ኣሕሊፉ።

እቲ ኣብ 44 ሃገራት ዝርከቡ ክኢላታት ዘካየድዎ መጽናዕቲ፡ ኣብ ክሊ ዕድመ 11 ክሳብ 15 ዝርከቡ ኣስታት 280 ሽሕ ኮተቴ ዘሳተፈ እዩ ነይሩ።



ኣብ 2018 ቀጽሪ ናይቶም ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ጸገም ከኸትል ብዝኽእል ኣጠቓቕማ ማሕበራዊ ሚድያ ዝተጠቕዑ ተመሃሮ፡ ብጠቕላላ 7 ሚእታዊት ዝበሩ፡ ኣብ 2022 ናብ 11 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ እዩ እቲ መጽናዕቲ ዘመልከተ።

ብተወሳኺ፡ ብሪጣንያ፡ ስኮትላንድን ዌልስን ድማ ልዕሊ'ዚ ዝተጠቕሰ ማእከላይ ገምጋም ከምዝመዝገባ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ኣእምሮኣዊን ጥዕናዊን ሳዕቤናት ዲጂታላዊ ቴክኖሎጂ ንምቁጽጻር፡ ምዕሩይ ኣገባብ ኣጠቓቕማ ማሕበራዊ ሚድያ ክድረኣሉ ከምዝለዎ እዩ እቲ ሓዲሽ መጽናዕቲ ዘጽኦ።

ብመሰረት እቲ መጽናዕቲ፡ ሓደ ሰሶ ካብ መንእሰያት፡ ብዘይምቁራጽ ምስ መሓዙቶምን ኣዕሩኽቶምን ብማሕበራዊ መራኸቢታት የዕልሉ።

እዚ ማለት፡ ምሉእ መዓልቲ፡ ግዜኦም ምስ መሓዙቶም ብመንገዲ ኢንተርነት ኣብሎም ኣብ ዕላል ስለዘሕልፉዎ ግዜኦም ብግቡእ ኣይጥቀሙሉን። በዚ ድማ ኣብ ትምህርቶም ድኻሞት የርእዩን ንኣእምራዊ ጸገማት ይቃልዑን ምህላዎም እዩ እቲ መጽናዕቲ ዘመልከተ።

## ደቡብ ኮርያ - ጉሓፍ ዝመልኡ ፍሕኛታት ዕንቅፋት ይፈጥሩ

ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰነ ኣትሒዙ፡ ካብ ሰሜንኮርያ ከምዝተበገሰ ዝነገረሉ ጉሓፍ ዝመልኣ ፍሕኛታት (ባሉናት)፡ ኣብ ቀንዲ ጽርግያታትን መዓርፎ ነፈርቲን ከተማ ሶል - ደቡብ ኮርያ ግዝያዊ ዕንቅፋት ከምዝፈጠረ ተሓቢሩ።

ዝሓለፈ መዓልታት፡ ብሸኸ'ቲ ብቐጻሊ ካብ ሰሜን ኮርያ ከምዝመጸ ዝነገረሉ ዘሎ ፍሕኛታት፡ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ከተማ ሶል ዕንቅፋት በረራ ከምዝተፈጥረ ሰብ መዚ ደቡብ ኮርያ ገሊጾም። እቲ ጉሓፍ ኣብቲ ነፈርቲ ዝበኾሉን ዝዓልቡሉን (ራንወይ) ከምእተኹመረ እዩ ተገሊጹ። ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ብዝሒ ዘለዎም ገዝፍቲ ፍሕኛታት እናተንሳፈፉ ከምእተራእዩ ዝሓበሩ ሰብመዚ በረራ ደቡብ ኮርያ፡ ኣብ ስርሖም ዕንቅፋት ከምዝፈጠረሎም ኣረዲኦም።

በዚ ኹኣ መንግስቲ ደቡብኮርያ፡ ሰሜን ኮርያ ናብ ሃገሩ ትልእኮ ዘላ ፍሕኛታት ደው ምስዘይተብሎ፡ ሃገሩ ተመጣጣኒ ስጉምቲ ክትወስድ ከምእትግደድ እዩ ዘጠንቀቐ ዘሎ።

ሰሜን ኮርያ ኣቐዲማ ብፍሕኛታት ዝሰደደቶ ልዕሊ 15 ቶን ዝማዝን ጉሓፍ፡ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉ ናይ ዓይኒ-ምድሪ ወረቓቕቲ፡ ኣረጊት ጨርቃ-መርቂ፡ ቀርጽራጽ ሽጋራን ፕላስቲክን ዝሓዘ ምዃኑ'ዩ ዝገለጸ።

ደቡብ ኮርያ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ-ሰኔ ብተግባራት ሰሜን ኮርያ ከምእተቐጠዐት ብምግላጽ፡ እቲ ተግባራት ኑቲ ዘሎ ወጥሪ መሊሱ ዘጋድድ ምዃኑ'ያ ተገንዚባ።

ይኹን እምበር ሰሜን ኮርያ፡ ብዛዕባ'ቲ ብደቡብ ኮርያ ዝቐረበላ ዘሎ ክሲ ዝኾነ ምላሽ ኣይሃበትን።



## ኤውሮጳ - ሳዕቤን ክሊማዊ ለውጢ ይዓቢ

ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ማእከላይ ኤውሮጳ ተኸሲቱ ዘሎ ሓደጋታት ዕልቕልቕ ኽዑበራቕ ናይቲ ዓለምና ድሕሪ ቀረባ ዓመታት ክገጥማ ዝኽእል፡ ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ምዃኑ፡ ክኢላታት ሓቢሮም።

ኣብ ፖላንድ፡ ቸክ ሪፓብሊክ፡ ሮማንያ፡ ኣስትርያን ኢጣልያን ተኸሲቱ ዘሎ 'ቦሪስ' ዝተሰምየ ህቦብላዊ ዝናብ፡ ብውሕዱ 24 ሰባት ከምዝሞቱን ብቢልዮናት ዶላር ዝግመት ዕንወት ድማ ከምዘወረደን እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ኣብዚ ዝሓለፈ ሰሙን ንተኸታተልቲ ኣርባዕተ መዓልታት ኣብ ማእከላይ ኤውሮጳ ዝዘረመ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ታሪኽ እታ ኣህጉር ካብ እተመዝገበ መጠን ዝናብ እቲ ዝለዓለ ምንባሩ'የም ጸብጻባት ሜትየሮሎጂ ዝሕብሩ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ማዕበላዊ ዝናብ 'ቦሪስ' ዋላ'ኳ ኣብ ገለ ሃገራት፡ ድሕሪ 100-300 ዓመታት ዝኸሰት እንተኾነ፡ ኣብቲ ዝኸሰተሉ እዋን ግን ሰፊ ዘይብል ዕንወት የውርድ።

ብተወሳኺ፡ ክሊማዊ ለውጢ ንምግታእ ቅልጡፍ ስጉምቲ እንተይተወሲዱ፡ ማዕበላዊ ዝናብ 'ቦሪስ' ኣብ ሓጺር ዓመታት ደጊሙ ክኸሰት ከምዝኽእል እየም ክኢላታት ዝኾምቱ።

እዚ ከምዚ ኣሉ እንከሎ፡ ክሊማዊ ለውጢ ንምግታእ፡ እቲ ብተደጋጋሚ ዝግለጽ ትግባረታት እንተዘይተሰሪሑ፡ መጠን ሙቐት ዓለምና ኣብዚ ዘመን'ዚ ብ3 ዲሴንትግሬድ ከምዝወሰኽ እቶም ክኢላታት የጠንቅቑ።

ብደረጃ ዓለም፡ ኤውሮጳ እታ ቅልጡፍ መጠን ሙቐት ተመዝግብ ዘላ ኣህጉር ኮይና ከምዘላ እዩ ዝጥቀስ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሪሻም | 26/9/2024 | ጎደና ተጋደልቲ ቁ.20፡ ጥቓ ፋብሪካ ምስማር(ጎዳይፍ) | 181048 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services